\- - - - - - - - - - - - - - - - - -

ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ትምሕርቲ 1977
ገጽ 106-113

## ኣዕናዊ ምንቅስቓስ

ህ.ሓ. እዚ ሰውራዊ ስጉምቲ ወሲዱ ኣብ ካልእ ገጽ ናይ ዝለዓለ ምዕባለ ምስደየበት፣ ሓድሕድ ምእንቲ ናይ ብሕቶም ረብሓ፣ ብልዕልነትን ትዕቢትን ዝሓመሙ ተበለጽቲ፣ ናይ ብሕቶም ስስዐ ንምርዋይ ኣብ ውሽጢ ህ.ሓ. ሓደ ምንቅስቓስ ኣተሲኦም፣ ንምዕባለ ህ.ሓ. ማሕለኻ ኣእትዮም ኣደስከልዎ። እዚ ዝንባለታት'ዚ ነጸብራቕ ቅድሚ እቲ ምትሕንፋጽ ይቃላቐልኻ እንተነበረ፣ እቶም ተበለጽቲ መንቀሳቐስቲ፣ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝነበርዎ ካልኣይ ክፉል ህዝባዊ ሓይልታት እንከለዉ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ምንቅስቓስ ከልዕሉ ዕድል ኣይረኸቡን።

ኣብ ኣጋ'ቲ ምትሕንፋጽ ነቲ ዝነበረ ቁጽሪ ዳርጋ ዚዳረግዎ መብዝሕቶም ናይ ከተማ ናይ ንኡስ ብርጅዋ መበቆል ዝነበሮ ምስ ከምኡ ዝኣመሰለ ዝንባለታት ዝነበሮም ናይ መኣከላይ ደረጃ ፍልጠት ዝነበሮም ተመሃሮን ተሳቲፎም ብምንባሮምን፣ ናይ ኣቡ ጥያራ ምፍላይን ምስ ዑበል ምጽንባርን፣ ናይቲ ዝነበረ ጥሙር ዝምድንኦም ምስ ህ.ሓ. ናብ ናይ ምትሕግጋዝ ደረጃ ወሪዱ ምድስካሉን፣ እቲ ንመጀመርያ ግዜ ተሓናፊጾ፣ ሓድሕድ ኣጸቢቑ ኒኽፋለጥ ሓጺር ጊዜ ዘድልዮ ዝነበረ፣ ክልተ ክፋላት ህ.ሓ. ኩሉ እዚ ነቶም ተበለጽቲ ተንቀሳቐስቲ ምቹእ ኩነታት ስለዝፈጠረ፣ እቲ ሓይልታት ምስተሓናፈጸ ልዕልን ታሕትን ክብሉ ጀመሩ።

ምስናይ'ቲ ምንቅስቓስ ንምልዓል ምቹእ ኩነታት፣ ከም ኣጋጣሚ መበገሲ ዝኾኖም ሓደ ኩነት ነይሩ። ንሱ ድማ፣ ኣብ መንጎ ሓደ ክልተ ኣባላት ናይቲ ካልኣይ ክፉል ህ.ሓ. ካብ ነዊሕ እዋን /ጊዜ ክፍልታት/ ዝጸንሐ ውልቃዊ ዘይምርድዳእ፣ ሓድሓደ እዋን ነጸብራቕ ኣብ ስርሓት ዚግጸሙሉ ግዜ ይርአ ስለዚነበረ፣ ኣብዚ ክፍሊ'ዚ ዚነበሩ ሓደሓደ ካድራት፣ እዚ ኣብ ሓደ ክፉል ዚነበረ ዘይምርድድኣት፣ ኣብዚ ዚተሐናፈጸ ሓይሊ ከይሰግር እሞ ኣብ ስራሓ ዕንቅፋት ከይምጽእ ብምሕላይ 18/9/73 ተኣኪቦም ንመሪሕነት ናይቲ ክፍሊ'ቲ ዝነበረ ጸዊ ያም ክረዳድኦሉ ርክብ ኣብ ዝተገብረሉ ግዜ ብሓደ ክልተ ክዕርዩ ተመሲሎም ዚተሳተፉ ውልቀ ሰባት እቲ ኣገባብ ናይቲ ነቐፌታ ተጸይቑ፣ እቶም ዚተኣከቡ ከይተረዳድኡ ፋሕ በሉ።

እቲ ኣብ ጽብብ ዝበለ ጉጅለ ኪፍታሕ ዚነበሮ ሕቶ ስለዘይተፈትሐ፣ ኣብ ግፍሕ ዝበለ ርክብ ክፍታሕ ተባሂሉ ርክብ ምስተገብረ እቶም ተበለጽቲ ምቹዕ ዕድል ረኺቦም እቲ ብቐሊል ክፍታሕ ዚኽእል ዝነበረ ሕቶ ብምግፋሕ፣ ኣብ ውሽጢ'ቲ ተኣኪቡ ዚነበረ ተጋዳላይ ምጥርጣርን ናዕብን ንምፍጣር፣ ሕጋውነት ናይቲ ርክብ ምሕታት፣ ንሱ እንተዘይሰለጠ ነቲ ቀሪቡ ዚነበረ ጉዳይ ከም ናይ ክልተ ጉጅለታት ተጻራሪ ግርጭት፣ እሞ ሓደ ጉጅለ ነቲ ካልእ /ውልቀ ሰብ/ ኽቐትል ውዲትን ከሚንን ዝግበር ከምዘሎ ኣምሲልካ ምቕራብ፣ ነቲ ደሞክራሲያዊ ውድብ፣ ናይ ሓደ ክልተ ሰባት መንዲል ከምዚኾነ ኣምሲልካ ንምቕራብ፣ ኮነ ኢሎም ምብትታንን ምቅሕሓርን ክፈጥሩ ምስፈተኑ፣ እቲ ኣኼባ ካብ ናይ ምርድዳእ መስመር ወጺኡ ኣብ ናይ ምውቕቓዕ ደረጃ በጺሑ፣ ሓደ ካብቶም ተበለጽቲ ተወቒዑ እቲ ኣኼባ ተበተነ።

ብድሕሪ'ዚ እቲ ካብ ዘየሎ ጠንቂ ፈጢሮም፣ ኣብ ምውቕቓዕ ዘብጽሕዎ ኩነታት /ባዕሎም ዝፈጠሩዎ ጠንቂ/ ካብቲ ሳዕቤን መመኽኔታ ተፈጢሩ፣ ነቲ ኣብ ፍሉይ ኩነታት ዝተፈጸመ ናይ ውልቀ ሰባት ምውቓዕ ከም መመኽነይታ ኣጋኒኖም ብምቕራብ፣ ነቲ ቀደም ዝብልዎ ዝነበሩ ተጠውዮም ኣብ ህ.ሓ. "ደሞክራሲ የልቦን፣ መሰል ተጋደልቲ ኣይሕሎን ኢዩ" እናበሉ ዓዕ ክብሉ ጀመሩ።

ነቲ ኣብ ካልኣይ ክፉል ዝነበረ ሓፋሽ፣ ኣብ ነንበይኑ መቓቒሎም፣ ንገሊኡ ብዓል እከለ ክቐትሉዎ ደሊዮም፣ እናበሉ ምርሳን፣ ንገሊኡ ከም ዓምጻጺ ደርቢ ኣምሲሎም ኪጸልእዎ፣ ነቲ ገና ዘይነቕሐን ተመክሮ ዘይሰነቐን ሓፋሽ ድማ ህ.ሓ. ከምዘይደሞክራስያዊ ውድብን ማእለያ ዘይብሉ ጉድለታት ዘለዎን ዓበይቲ ጌጋታት ዚፍጽምን እናምሰሉ መቓቒሎም ከላዓዕልዎ ፈተኑ።

ነቲ ዘይፈልጠምን ንካልኣይ ክፉል ህ.ሓ. ኣጸቢቑ ዘይፈልጥን፣ ንመጀመርያ ግዜ ዝተሓናፈጸ ናይ ቀዳማይ ክፉል ሓፋሽ ተጋዳላይ ድማ፣ ናይ ካልኣይ ክፉል መሪሕነት ብሕማቕ ዓይኒ ኢዮም ዝሪኡኹም እናበሉ በዓለገን ናይ ሓሶታት ወረታትን እናውረዩ ንሓፋሽ ተጋደልቲ ከምዝጠራጠሩ ብምግባርን፣ ኣብ መንጎ ሓደ ክልተ መራሕቲ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ክፉል ዝነበረ ናይ ቀደም ዘይምርድዳእ እናመዝመዙ ክውንን ዘይክውንን ብምውራይን ንብዙሓት ኣጋገዩ።

ሕሉፍ ሓሊፉ፣ ነቲ ኣብ መንጎ ህ.ሓ.ን ሓ.ሓ.ኤን ዝነበረ ሓድሽ ዝምድና ብምምዝማዝ ድማ፣ ብዝያዳ ካምዝርሕቅን ብደገ ኮይኖም ናይ መዳሸሚ ሓጋዚ ሓይሊ ከምዝኾንዎም ብምግባር

ህ.ሓ. ከምዝገፍዓቶም /ንዐያበል/ ኣብ ውሽጢ ህ.ሓ. ኣብ ሓጺር እዋን ምቅይያር ክሳብ ዚመጽእ /ንሳቶም ኣብ ስልጣን ምስ ደየቡ ማለት ኢዩ/ ምስ መሪሕነት ፈጺሞም ከይራኸቡ ሓባበልዎም።

ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ነቲ ዝነበረ ዘይምርድዳእ ክፍታሕ ስለዘይደለይዎ፡ ናይ ሓደ ደገፍቲ ናይቲ ካልእ ተቓወምቲ ብምምሳል፡ ነቲ ዘይምርድዳእ ኣግፊሖም ክጥቀሙሉ ፈተኑ። ካብዚ ዝዓ ቢ ጉዳይ ንምጽናዕ፡ ንድፊ ናይቲ ናይ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ መድረኽ ፕሮግራም ንምርኣይ ኣኼባ ኣብ ዝተገብረሉ እቲ ፕሮግራም ንምጽናዕ፡ ምስቲ ናይ ውልቀ ሰብ መውቃዕቲ ትርጉም ከምዘይበሉ ብምምሳል ዓቢ ዕንቅፋታት ፈቲኖም እቲ ኣኼባ ከምዝምለስን ስርሑ ከምዝቓረጽን ገበሩ።

እቲ ኩነታት ከምዚ ኢሉ እናበኣሰ ምስከደ መሪሕነት ነቶም ዚንቀሳቐሱ ዚነበሩ፡ ጸዊዑ ርእይቶ እንተለዎም ከቕርቡ፡ ካብኡ ዚተረፈ እቲ ዚገብሩዎ ዘለዉ ምንቅስቓስ ፋሉላውን መዕ ነውን ከምዝኾነ ምስኣዘኻኸረቶም፣ ናይ ብሕቶም ፋሉላዊ ውልቃዊ ናይ በለጽ ድሌት፡ ሰኣን ደሞክራስያዊ ክእለትን ምምሕድዳርን ዝብል ጉልባብ ንምልባስ፡ ካብዝን ካብትን ሓድሓደ ንኣሽቱ ውድባዊ ጉድለታት ኣጠራቒሞም ብሓሶትንብምግናንን ዝመልኦ ነጥብታት ኣብዒጦም ሓደ ጽሑፍ ኣቕረቡ።

ኣቀራርብኦም ምንቅስቓሳቶምን ስልትታቶምን ንብዙሓት ተጋደልቲ ኣደናጊሩ ስለዝነበረ፡ መሪሕነት ህ.ሓ. ነቲ ዝተቐልቀለ ሓድሽ ምንቅስቓስ ንምቅላዕን ዘይበርህ ነገራት ንምብራህን፡ ዘለዎ ሓድሽ ናይ ስራሕ መደብ ንተጋደደልቲ ንምግላጽን፡ ካብ ነግሲ ወከፍ ሓይሊ፡ ሽድሽተ ተወከልቲ ክሰዱ ሓቲታ ብዕለት 6/11/-73 ሓደ ኣኼባ ዓደመት። እቶም ተበለጽቲ ናይዚ ኣኼባ እዚ ኣስጋእነት ስለዚተረድኡ፡ ኣብቲ ኣኼባ ዋዕዋዕ ፈጢሮም፡ናይ መሪሕነት መግለጺ ኣብ ክንዲ ምስማዕ፡ ነቲ ናይ ስራሕ መደብ፣ "ካብኡ እዚ ይዓቢ" ኢሎም ነጺጎም መሪሕነት ኣብ ዘይብሉ ብገዛእ ግቓዶም ነቲ ዝነበረ ኩነታት እትምርምር መርማሪት ሽማግለ ብዝብል ስም ካብ 10 ሰባት ዝቖመት ሽማግለ ሓረዩ።

ዋና ዕላማ ናይዞም ተበለጽቲ'እዚኣቶም ናይ ብሕቶም ውልቃዊ ናይ ስልጣን ስስዐ ስለዚነበረ፡ ስነ-መጎቶም ከምዚ ዝስዕብ ነበረ ፡- ናብቲ ዚደልዩዎ ንምብጻሕ እቲ ዘሎ መሪሕነት ብዚኾነ ይኹን መንገዲ ኪእለ ኣለዎ፣ እቲ መሪሕነት ክእለ ድማ ዘኣሊ ምኽንያታት ክህሉ ኣለዎ፣ ዘእሊ ምኽንያታት ስለዘይተረኽበ ዝእለ ምኽንያት /ገበን/ ክግጠር ኣለዎ። ሓደ ካብቶም ዋና መንቀሳቀስቲ ከምዚብሎ፡ "ንመክሰሲ ዚኸውን ሓደ ዓቢ ገበን እንተዘይተረክበ ነኣሽቱ ጌጋታት ኣጠራቒምካ ሓደ ዓቢ ገበን ክትፈጥር ትኽእል ኢኻ።"

ካብዚ ናይ ስሱዓት ኣድሓርሓርቲ ስልትን ስነ-መጎትን ተበጊሶም ድማ፡ ነታ ብገዛእ ፍቓዶም ዚመረጽዋ ናይ ዓሰርተ ሰባት ሽማግለ መሳርሒ ገይሮም፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ሓይልታት እናተንቀሳቐሱ፡ "ብዛዕባ መሪሕነት ትፈልጦ ጌጋታት እንታይ ኣሎ........ ተቐጺዕካ ትፈልዶ...." እናበሉ፣ ነቲ ብዘይ ገለ መሰረት ዘለዓዓልዎ "ደሞክራስያዊ" መሰል ናይ ተጋደልቲ ኣይሕሉን'ዩ ናይ ምምሕዳር ጉድለት ኣሎ ዝብል ክስታት ምርኩስ ዝኸውን ሓሶት ዚበዝሖን ዚተጋነነን ክስታትን ርእይቶታትን ካብ 700 ንላዕሊ ወረቓቕቲ ኣጠራቐሙ። ንቲ ሓቅነቱዘይተረጋገጸ ወረቓቕቲን፡ ባዕላቶም ዘፈጠርዎ ዶክመንታትን፡ ምእንቲ ከይመርመር ድማ፡ ኣብቲ ዚተዓደመ ኣኼባ ከቕርብዎ እንከለዉ፣ በቲ ሐደ ወገን "700 ዚኸውን መረጋገጺ ወረቐት ኣሎና" እናበሉ እናተጃሃሩ በቲ ሐደ ድማ ዋና ዕላምኦም ንምእራሙ ከምዚኾነ ኣምሲሎም ነቲ 700 ወረቓቕቲ ኣብ ዓሰርተ ሰለስተ ነጥብታት ጸሚቖም ኣቕረብዎ። ከምዚ ገርካ ነገር ጎልቢብካ ምህዳም ስለዘይከኣል መሰረት ካብ ዘይብሉ ዘይተመርመረ ነገር፡ ተጸሚቑ ዚወጸ ነጥብታት ቅቡል ስለዘይከውን፡ እቲ 700 ዚብሉዎ ወረቐት ናብቲ ኣኼባ ከቕርቡዎ ተሐቱ። ኣብዚ ድማ እቲ መብዛሕትኡ ሓሶትን ዚተጋነነ ጌጋታትን ውድባዊ ጉድለታትን ምስ ተጋለጸ መንነት ናይቶም ተበለጽቲ ብዝያዳ ኪቃላዕ ስለዚተጀመረ፡ ናይ ሓፋሽ ተቓውሞ ኣንጻር'ቲ ምንቅስቓስ ተላዕለ፡ ተጋግዮም ዚነበሩን ኣየዋጽኣናን ዚብሉን ድማ ናብቲ ናይ ሓፋሽ መስመር ተመልሱ። ብዚ ኾነ ኣብቲ ኣኼባ ካልእ ኣኼባ ተዓዲሙ፡ መሰል ተጋደልቲ እትሕሉን ንመሪሕነት እትቆጻጸርን፡ ነቲ ወረቓቕቲ እትምርምርን ሓዳስ ኮሚቴ ክትመርጽ ስምምዕ ተገይሩ ተዓጸወ።

ብመሰረቱ ህ.ሓ. ከም ደሞክራስያዊ ውድብ መጠን፡ መሰል ተጋደልቲ ኣብ ሕጊ ሰፊሩ ብግብሪ ዚሕለዉሉ፡ ኩነታት ዘጠራጥር ኣይነበረን፡ ሓድሐደ ጌጋታት ኣይግጸምን ነይሩ ማለት ኣይኮነን። ሕግታት ነቲ ዚፍጸም ጌጋታት ኣሪሙ መሰል ተጋደልቲ ነኺሕሉ ኢዩ ተገይሩ። እዚ ኩሉ ብሩህ እንከሎ ግን እቶም ተበለጽቲ ብሕልፊ ነቲ ሓድሽ ተጋዳላይን፡ ካብ 1ይ ክፋል ዝመጸን ኬደናግርሉ ይጽዕሩ ስለዚነበሩ፡ ኣብዚ ናይ ምስግጋር እዋን፡ መሰል ተጋደልቲ እትሕሉ ዚብል ነገር ብመሰረቱ ቅኑዕኻ እንተዘይኮነ ሃልያ ኣይሃልያ ዝመጽእ ምቅይያር ስለዘየለ መሪሕነት ነዚ ርእይቶ'ዚ ተቐቢላቶ። ንዛዕባ ተቆጻጻሪት ኣካል'ውን እንተኾነ፡ ብስነ-መጎት ናይቶም ተበለጽቲ፡ ሓደካብቶም ቀንዲ ከምዚብሉ፡ "ንሓደ ኣካል ዚቆጻጸር ኣካል እንተድኣ ሃልዩ፡ እቲ ዚቆጻጸር

ኣካዩ ልዕል'ቲ ምቁጽጻር ዘግበረሉ ኣካል ስለዚ፡ ብቕጽበት ስልጣን ተቆጻጻሪት ኮሚቲ ልዕሊ ናይ መሪሕነት ኢዩ"። እዚ ናይ ተበለጽቲ ውዲት'ዚ እውን እናፈለጠት መሪሕነት ዘቆጻጽር ኮሚቲ ሃልዩ ኣይሃልዩ ዘምጽኦ ምቅይያር ስለዘየሎ ንዝኾነ ይኹን ኮሚቲ መደባትን ኣገባብን ስራሓታ /እቲ ናይ ውድብ ምስጢር ዘበሃል'ውን ከይተረፈ/ ጸብጻባትን ከተርኤን ከተቕርብን ቅርብቲ ከምዚኾነት ኣፍለጠት። ኩሉ'ዚ ናይቲ ዚነበረ ናይ ምስግጋር እዋን ኩነታት ኣብ ግምት ምእታውን፡ እቶም ተበለጽቲ ኣብ ቅድሚ ሓፋሽ ንምክሻሕን ዚተወስውደ ቅኑዕ መርገጺ እዩ። ካልእ ይትረፍ፡ መሰል ተጋደልቲ እንታይ ከምዚኾነን፡ ከመይ ጌሩ ከም ዚሕሎን ሕጋዊ ኣካል እንታይ ከም ዝኾነን፡ ንምቁጽጻር ስርሓት ብኸመይ ከም ዝካየድን ንድፊ ስኢላ ዚሃበት መሪሕነት ባዕላ እያ።

ከም ብሓድሽ ነቲ "መሰል ተጋደልቲ እትሕሉን እትቆጻጸርን እትምርምርን" ሽማግለ ንምምራጽ፡ ካበየ ክፍለ ሰራዊትን ሓይልታትን ተወከልቲ ተሰዲዶም፡ ብ 9/12/73 ኣኼባ ተኸፍተ። ናይታ ሽማግለ ምቛምን ስራሓትን እንታይ ከምዚኸውን ድሕሪ ምጽናዕ ቆጸራ ን 11 ኪኸውን ተሰማምዑ። እቶም ትሽዓተ ካብቲ ኣኼባ ኪምረጹ እንከለዉ እቶም ዚተረፉ ክልተ ድማ ካብተን ኣብ ከበሳ ዚነበራ ሓይልታት ኪምረጹ ተወሲኑ እቶም ትሽዓተ ተመርጹ።

እቶም ኣዕነውቲ ምስተኸሸሑን ናብ ውድቀት ከንቆልቁሉ ምስጀመሩን፡ ድሕሪ'ቲ ምርጫ /ኮነ ኢሎም ዝበዝሐ ኣባልነት ባዕላቶም ኪሕዝዎ ዚፈተኑ/ እቲ "ምርጫ ኢድ ናይ መሪሕነት ኔርዎ" ብኣውራጅነት ተመሪጹ እናበሉ፡/ ኣብ ኣስኮላ ብዚለመድዎ ሓድነትን ፋሉልነትን እቲ ዚነበረ ናይ ጸላኢ ኩነታትን፡ ናይ ሕድሕድ ኩናት ሕቶን፡ ኩሉ ሰውራዊ ዲሲፕሊንን ወተሃደራዊን ውድባዊን ስርዓትን ሰባቢሮም፡ ለይቲ ሰብ ኣብ መዝገቡ ደቂሱ እንከሎ፡ ግዕዙይ ብዚኾነ ኣድሓርሓሪ ጭርሖታት፡ "ሓማ ስዒራ፡ ደንከል ተደሪራ፡ ኣከለ ጾማ ሕዲራ...." እናበሉ ምጭፋርን ብቐትሪ ድማ ተኣኪብካ ኣብ በረኽቲ እናወጻእካ ብመጉልሒ ድምጺ ተመሳሳሊ ጭዳረታት ብምክያድ ተራእዩ ዘይፈልጥ ፋሉላዊን ብጭርሖታት ዚተሸፈነ ኣድሓርሓርን ዕግርግር ፈጠሩ።

ኣብ ከምዚ ዚኣመሰለ ኩነታት፡ ሓፋሽ ተጋዳላይ፡ በዚ ኣዕናዊ ናይ ተበለጽቲ ምንቅስቓስ ደሙ ፈሊሕዎ ክሳብ ብረቱ ኣብ ምቅናዕ ኣብ ዚተሰኣሉ ግዜ፡ ናይ ምውቅቓዕ ስጉምቲ ከይውስውድ መሪሕነት ንኹላቶም ተጋደልቲ ኣጠንቂቓ ነቲ ዋዕዋዕ ደው ኣበለቶ። እቶም ተበለጽቲ ግን በዚ ኣይተዓገቱን። "እቲ ምርጫ ናይ መሪሕነት ኢድ ነይሩዎ። ወገናዊ'ዩ" እናበሉ፡ ኣብዚ ንዘይወዓሉ ተጋደልቲ ከምብሓድሽ ንምድንጋር፡ ጭቡጥ መረጋገጺ ዘይብሉ ሓሶት እናነዝሑ ምዕ ግርጋር ቀጸሉ። ሕጂ'ውን ነዚ ምኽሻሕ ኣድላይ ኮይኑ ተረኽበ።

ሓደ ካብቲ ናይቲ ኣዕናዊ ምንቅስቓሳት ሳዕቤን ናይተን ኣብ ከበሳ /ቅድመ ግንባር/ ዚነበራ ሓይልታት ምስሓብ ነበረ። ኣብኡ ዚፍጸም "ገበናት" ኣሎ ብምባልን፡ "ዚሕተቱ ኣለዉ" ብምባልን፡ ነቲ ሓይሊ'ቲ ከም መህደሚ ናይ መሪሕነት ኣምሲሎም ይሰብክሉ ኣብ ርእሲ ምንባሮም፡ እቲ ዚሰርሖ ዚነበረ ስራሓት ስራሕ ብመሰረቱ ደስኪሉ ስለዚነበረን፡ እቲ ሓይልታት'ቲ ደሃዩ ንምፍላጥ ናቱ ህላዌ ምስ ካልኦት ስራሓት ምዝማድ ጸጊሙ ስለዚነበረ፡ ንሳሕል ኪምለስ ተገዲዱ። ድሕሪ ናይቶም ትሽዓተ ምምራጽ ከኣ መጸ።

ናይዚ ሓይልታት ምምጻእ፡ ኣብ ርእሲ እቲ ናብታ ሽማግለ ዚተሳተፉ ወከልቲ ምምራጽ፣

ነቲ በቶም ተበለጽቲ ዚቐርብ ዚነበረ ብሂል ንምምርማር መንጎኛ ኪኸውን ስለዝኾነ ብመሪሕነት፡ እዚ ሓይልታት'ዚ ነቲ ተሪፉ ዚነበረ ክልተ ቦታ ቅድሚ ምምላኡ፣ ሐሙሽተ ዚቁጸራ ሽማግለ መሪጹ ነቲ በቶም መዕነውቲ ዚቐረበ ብሂል ከምዚምርምር ገበረት።

እቲ ብ21/4/74 ዝቐረበ ጸብጻብ ናይ ሓሙሽተ ሰባት ኮሚቲ ነቲ ዚቐርብ ዚነበረ ብሂል ብምሉኡ መርሚሩ፡ ካብቶም ዚተኸሱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብቶም ኣፎም መሊኦም መረጋገጺ ኣሎና እናበሉ ዚሰብኩ ዚነበሩ ከይተረፈ፡ ብመሰረቱ ሓሶት ከምዝኾነ ኣረጋገጹ፡ ንኩላቶም ተጋደልቲ ምስ ገለጸ፡ ተበለጽቲ ተቐሊዖም ዳርጋ ዚቕንጠጥ ጉልባብ ኣይተረፎምን።

ሕጂ'ውን እንተኾነ እቶም መዕነውቲ ነቲ ከነ ኢሎም ዘቫይድዎ ዚነበረ ጸይቂ ካብ ምክያድ ኪቑጠቡ ኣይደለዩን። ሓደ ክልተ ምስቲ ምንቅስቓስ ተጸንቢሮም ዚንቀሳቐሱ ዚነበሩ ጥርጡራት ምስተኣሰሩ፡ እቶም ዚተረፉ ንሐደ ክልተ ካብቶም ዘስከርዎም ናይ ንኡስ ቡርጆዋ ህጻናት ካብ ስራሕ ንኸቓርጹ፡ መሪሕነት ክትኣስሮም ከምዚኾነት፡ እሞዘድሊ ስጉምቲ ንኪወስዱ ቀዳማይ ግርጭቶም ምስ መሪሕነት ከምዚኾነ ኣምሲሎም ኪደፋፍእሉ፡ ምእንቲ ናይ ብሕቲ ድሕነቶም ናይ ደም ምፍሳስ ኩነታት ንኪፈጥሩ ናይ መወዳእታ ፈተነኦም ፈተኑ።

ምስናይ'ቲ ዚነበረ ሓድሽን ንተበለጽቲ ምቹእን ዚኾነ ኩነታት ብጠቕላላ መጀመሪያ ብዙሓት ተደናጊሮም ስለዚነበሩ፡ ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ፍልልይ ስለዝነበረ፡ ኣብ መጀመሪያ ኣንጻር'ቶም መዕነውቲ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኣይነበረን። ናይቲ ደሞክራስያዊ ንሓፋሽ ዚውክል ዚነበረ ሓይሊ ኣረኣእያ ድማ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዚነበረ ምቹእ ኩነታት፡ ናይቲ ቅኑዕ ደሞክራስያዊ ሓፋሽ

ከይተወደብካ ምጽናሕን ምዝንጋዕን ጠንቀታት ከምዝኾነ ተንቲኑ፡ ዚኾነ ናይ ሃወኽ ስጉምቲ ከይወሰድካ፡ ሓፋሽ ምስ ነቕሐ ጥራይ ስጉምቲ ክውሰድ ከምዚከኣል፡ እቶም ብመጀመርያ ኪቕልዑን ኪኽሽሑን ኣለዎም ዚብል ኣረኣእያ ስለዚነበሮ፡ ዚኾነ ይኹን ናይ ሕይሊ ስጉምቲ ኣይወሰደን። ካልእ ይትረፍ፡ ነቶም ዚንቀሳቐሱ ዚነበሩ ተበለጽቲ ተራኺቡ ክረዳዳእ'ውን ፈቲኑ ኢዩ።

ምስናይ'ቲ ዘርእዮ ዚነበረ ዓቕሉን፡ ተዓጻፊነትን ግን፡ እቶም ኣዕነውቲ ልቦም ኣትሪሮም፡ ጸይቂ...ፈሸለ....ጸይቂ ኣብ ዚብል ስነ መጎቶም ስለዚቐጸሉ፡ እቲ ሓይልታት፡ ካብዚ ንላዕሊ ደስኪሉ ክሳብ ዚደርቕ ትም ኢልካ ምርኣዩ፡ ናይ ምዕናው ሓላፍነት ምስካምን ሰውራዋ ግቡእካ ምርሳዕን ስለዚኾነ፡ ኩላቶም ናይቲ ምንቅስቓስ ዋና ተዋሳእቲ ከምዚእሰሩ ገበሩ። ብ30/6/74 ሓንቲ መርማሪት ኮሚቲ ኣውጺኡ ድማ ነቲ ዚነበረ ኣዕናዊ ምንቅስቓስ ዲሲፕሊናዊ መደምደምታ ገበረሉ።

\- - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - -

ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
ናይ ዜና በት ጽሕፈት
ማእከላዊ መጽሔታዊ ክፍሊ
ወርሓዊ መጽሔት
ሕታም ቁ. 12
1.7.76

ኣብ ፍርቂ ታሕሳስ 1971 ዓ. ም. ካብ ተጋደልቲ ሓንቲ ሽማግለ ቆመት'ሞ ናይ ቆ.ሃ.ጉ. መደብ ዕዮታትን ዉሳኔታትን ሒዛ ክሳብ የካቲት 1972 ዓ.ም. - ምስ ተፈንጨልቲወገናት ምርድዳእ ኪትገብር ላዕልን ታሕትን ምባላ - ቀጸለት። መሪሕነት ህ.ሓ. ተጋደልቶም ምስ' ዛ ናይ ምርድዳእ ሽማግለ ምምይያጥ ምስ ዚቕጽሉ ንዕላምኦም ሓደገኛ ኪኸውን ከም ዚክእል ስለ ዚፈለጡ ኣብ ብረታዊ ጸብለልታኦም ተኣማሚኖም ነቲ ኩነታት ናብ ወተሃደራዊ ተቃውሞ ደረኽዎ። ካብ' ዚ ሓሊፎም ውን ናይ ገድለ ንብረት ብምስላብን ንገለ ኣባላት ናይ ተ.ሓ.ኤ. ብምግፋዕን ብምእሳርን ከምኡ' ውን ኣብ ገለ ገለ ቦታታት ንንሕስያ ከምዘይተፈንጨሉ ንምርግጋጽ ብብረት ምዝባጥን ጀመሩ። ኣብ ቀ.ሃ.ጉ. ዚተመርጸት መሪሕነት ኣብ ዉሳኔታት ጉባኤ ብምምርኩዋስ ንህልውና ናይ ተ.ሓ.ኤ.ን ንሰውራ ኣብ ጣጣ ዘእቱ ሓደገኛ ምትእስሳራት ንምክልኻልን ንምውዳቑን ኣብ ልዕሊ' ቶም ንጀብሃ ከጥፍኡዋ ዚጀመሩ ጉጅለታት ብ 24/2/72 ዓ.ም. ናይ ብረታዊ ስጉምቲ ብያን ኣሕለፈትሎም። ብወገን ተ.ሓ.ኤ. ናይ ምጽራይ ስጉምቲ ብቐዳምነት ኣንጻር 'ዑበል' ብ 20.2.72 ተጀመረ። 'ህ.ሓ.' ንብጾቶም ኣድሓርሓርቲ ዑበላውያን ንምርዳእ ካብ ወገናት ሳሕል እናጎየዩ መጹ። ንጽባሒቱ 'ህ.ሓ.' ብወገን ደንከል ኣብ ልዕሊ ሓይልታትና ናይ ምቅንጻል ኩናት ጀመረት። ካብ' ዚ ግዜ' ዚ ጀሚሩ ሰውራ ኤርትራ ኣብ' ቲ መሪር ኩናት ሓድሕድ ኣተወ። እቲ ኩናት ኣንጻር ተፈንጨልቲ ጉጅለታት ዑበላውያንን ህ.ሓ.ን ምስ ቀጸለ ጋንታ ኢሳያስን ብጾቱን ምስቶም 'ንሻዕቢያ' ዚመስረቱ ርክብ ሰለ ዝነበሮም ምስ ዑበላውያንን ሻዕቢያን ተጸንበሩ። ጨጉራፍስያ ወቚዑ የእዌ' ከም ዚብሃል ህ.ሓ.ሓ,ኤ. ኩናት ሓድሕድ 'ዓማ' ኣባሪዓቶ እናበሉ ብምጥቃው ብውሽጥን ብደገን ኣበርቲዖም ተንቀሳቀሱ። ክሳብ ለሚ' ውን ኣይመነዉዎን። ተ.ሓ.ኤ. ንውልቀ - ሰባት ንምንቅጻል ኣይኮነትን ብረታዊ ስጉምቲ ኪትወስድ ዚተገደደት፣ ነቲ ጸረ-ዲሞክራስያዊ ዚኮነ ናይ ምፍንጫል መስመርን ዚፈጠሮ ዘይዕወትን ሓደገኛን መስመርን ንምድካም ኢዩ።ኩናት ሓድሕድ ብሳላ' ቲ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ህ.ሓ. ኪምዕብል ዚጸንሐ ደሞክራስያዊ ዝንባሌታትን ናይ ሓፋሽ ጻዕርን ስፍሓት ናይ ዲሞክራስያዊ ሓይሊ ኣብ ተ.ሓ.ኤ.ን ናይ ጸላኢ ፖለቲካዊ ምልውዋጥን ደው ክብል ከኣለ።
10-11

ኤናስኣ
ጸብጻብ ሜዳ

የካቲት - ግንቦት 1976
ገጽ 18
ክፍሊ ሓለዋ ሰውራ

ሓለዋ ሰውራ ጸጥታ ናይ ውድብ ንምሕላው ዝተፈላለየ ስልትታት ጸላኢ ብምክትታል ንህዝብን ተጋደልትን ንውድቦም ዝከላከልሉ መገዲ ይሕበር። ጸላኢ ንሓደ ገስጋሲ ውድብ ንምዕናው ብዙሕ ናይ ስለላ መርበባት ብምቛም ዝተፈላለየ ስልትታት ዝሓዙ ሰለይቲ ስለዝሰድድ ሓደ ድልዱል ፍትሓውን ደሞክራስያውን ዝኾነ ጸጥታ ዝሕሉ ክፍሊ ክህሉ ናይ ግድን የኸውን። ንህ.ሓ. ብዝተፈላለየ መገዲ ከጥፍኡ ዝለኣኹ ሰለይቲ ካብ ቀደምኻ እንተነበሩ ኣብዚ እዋንዚ ቁጽሮም ክብ ኢሉ ይርከብ። ናብ ህ.ሓ. ዝተሰዱ ሰለይቲ ዕድሚኦም ካብ 11 ክሳብ ሽማግለታት ክኾኑ ከለዉ ካብ ክልቲ ኡ ጾታ ይርከብዎም። እዞም ሰለይቲ እዚኣቶም መብዛሕቶም ካብ ናይ ኢትዮጥያ ሰለላ መርበብ ዝተሰዱ ዝኾኑ ከለዉ ካብ ናያመሪካ ምዕራብ ጀርመን ወዘተ ዝተሰዱ እውን ይርከብዎም። ተልእኾኦም ኣብ ግብሪ ንምውዓል እዚ ዝስዕብ ስልትታት ብብዝሒ ይጥቀሙ፣- ህ.ሓ. ዘለዋ መሳርያታትን ብዝሒ ተጋደልቲን ብምጽናዕ ንጸላኢ ምምሕላፍ፣ ቁጠባዊዕንወት ንኸምጽኡ ኣገዳሲ ኣቑሓት ምብልሻው፣ ኣብ ተጋደልትን ህዝብን ሕንፍሽፍሽ ንምምፃእ ብድሑር ኣተሓሳስባ ብሃይማኖት፣ ብወገንን ኣውራጃን ምስባኽ፣ ኣንጻር ወተሃደራዊ ሕግታት ንምኻድ ንተጋደልቲ ብምድፍፋእ ፋሉላዊ ዝምባሌታት ምዝራእ፣ ንሓደ ሓደ  መራሕቲ ንምቅንጻል ምፍታን፣ ህዝቢ ንምጽናት ስሚ ኣብ አዒላታት ምንዛሕ ወዘተ። ካብ ኢትዮጵያ ዝተሰዱ ሰለይቲ ኣብ ሜዳ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ከተማታት ንዝርከባ ናይ ህዝባዊ ውድባት'ውን ንምዕናው ህርድግ ይብሉ ኣለዉ። መብዛሕትኦም ካብ ኢትዮጵያ ዝተሰዱ ሰለይቲ ደርባዊ መበቆሎም ካብቲ ጭቁን ክኾኑ ከለው ብግዝያዊ ረብሕኦም ተታሊሎም ዝተሰዱ እዮም። ኢትዮጵያ ናይ ስለላ መርበብ መብዛሕትኡ ብኤርትራውያን ብኤርትራውያን ንኽተውድእ ትጽእር ኣላ። ህ.ሓ. ግን ከም ደሞክራስያዊት ውድብ መጠን ነዞም ተታሊሎም ዝመጹ ሰለይቲ ዘድሊ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ብምሃብ ነቶም ከቢድ ገበን ዝፈጸሙ  ክትቀጽእ ከላ ንብዙሓት ሃገራዊ ጉቡኦም ንኽፍጽሙ ከም ተጋደልቲ ዓሊማ ኣብቲ ሰልፊ ኣሳቲፋቶም ኣላ ንብዙሓት'ውን ብድሕሪ ፖለቲካዊ ትምሕርቲ ናብርኦም ክቕጽሉ ነጻ ሰዲዳቶም ኢያ ። ናይ ሰለይቲ ፍርዲ ክወሃብ ከሎ ዕድመ ናይ መነባበሪኦም (ኤኮኖምያዊ ደረጃ) ብፍላጥ ምኻኑ ወይ ከኣ ብምትላል ገበን (ዓቢ ዲዩ ንእሽቶ) ወዘተ ኣብ ግምት ይኣቱ።

ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ሰውራ ብዘካ ሰለይቲ ኣብ ኩናት ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣለዉ። ብዙሓት ካብዚኣቶም ካብቲ ጭቁን ደርብታት ኢትዮጵያ ስለዝኾኑ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ደርባዊግርጭት የብሎምን። ህ.ሓ. ነቶም ኣምቢቦምን ጽሒፎምን ዘይክእሉ ምንባብን ምጽሓፍን ብምምሃር ዘድሊ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ብምሃብ ዕላማ ሰውራ ኤርትራ ድሕሪ ምብራህ ነጻ ትለቆም።

ሓለዋ ሰውራ በይና ክትሰርሖ እትኽእል ነገር ስለዘየለ በብግዜኡ ዘለዋ ናይ ሰለይቲ ተመኩሮ ንህዝብን ተጋደልትን ተበርህ። ብዜካ'ዚ'ውን ተጋደልቲ ተጊሆም ንሰለይቲ ኣብ ቅድሚ ተጋደልቲ ብምቕራብ ባዕሎም ከም ዝገልጹ ትገብር።

ኤ.ና.ሰ.ኣ.
ውድባዊ ቅርጺ ሓፋሽ ውድባት ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ኤ.ና.ሰ.ኣ.ን
11 ግንቦት 1976
ገጽ 1

ሓደ ካብቲ ዚኸፍኣ ሳዕቤን ናይ ሓድሕድ ኩናት ድማ ንህ.ግ. ካብ ናይ ሓፋሽ ምውዳብ ዕዮ ኣልቂቑ ኣብ ናይ ወተሃደራዊ ምክልኻል ሽቅለት የእተዋ። እንተኾነ ምስቲ ዝነበረ ጽንኩር ኩነታት ኣንጻር ክልተ ጸላ እቲ'ውን ከይተረፈ ብምስጢር ኣብ ከተማታትን ገጠራትን ኤርትራ ንህዝቢ ምንቃሕን ምውዳብን ቀጸለቶ። እዚ'ውን ብሰንኪቲ ብ 1973 ኣብ ህ.ግ. ተላዒሉ ዝነበረ ኣዕናዊ ምንቅስቓስ እቲ ንህዝቢ ኪውድብን ከንቅሕን ተላኢኹ ዝነበረ ሰራዊት ንሳሕል ተሳሕበ'ሞ፣ ቅያዳ ዓማ ዕድል ረኺባ ነቲ ተወዲቡ ዝነበረ ህዝቢ ኣሰናቢዳን በታቲናን ክትዕንድር ጀመረት። ሽዑ ተፈጢሩ ዝነበረ ኩነታት ዋላኻ ንምሉእ ውድባዊ ስራሓት ህ.ግ. ዚሕንኩል እንተነበረ እዚ ናይ ሓፋሽ ምውዳብን ምንቃሕን ሕቶ ህ.ግ. ናይ ሂወትን ናይ ሞትን ሕቶ ስለዝነበረ እቲ ካልእ ሓይልታት ኣብ ሳሕል ተሓጺሩ ደው ኢሉ ከሎ፣ ንህዝቢ ብፍላይ ኣብ ከተማታት ዘንቅሑን ዝውድቡን ኣባላት ሰዲዳ ብታሕቲ ከምዝሰርሕ ገበረት። እዚ'ውን ከምቲ ቅድሚ ኡ ዝነበረ ኣብ

ትሕቲ ናይ ኢትዮጵያን ናይ ቅያዳ ዓማን ምጭፍላቕን ምጽንታውን ዚካየድ ስለዚነበረ እቲ ስራሕ ከምቲ ዝድለ ኪምዕብል ኣይከኣለን።

\- - - - - - - - - - - - - - - - - -